# ነጻ ትምህርቲ ናይ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን፣

### ነጻ ትምህርቲ ናይ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር መሰል፣

ናትካ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ኖርወይ፡ ብጠቕላላ 600 ሰዓታት ብነጻ ናይ ምምሃር መሰል ይህብ እዩ። እዚ ማለት ድማ፡

- ኖርወጅኛ (550 ሰዓታት)፡ ከምኡ'ውን፣
- ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን (50 ሰዓታት)፣

እቲ ትምህርቲ፡ ንሰለስተ ዓመታት ነጻ ኢዩ፣ ማለት፣

- ካብቲ መንበሪ ፍቓድ ዝተቐበልካሉ፡ ወይ ከኣ፣
- ካብቲ ንስኻ ምስ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ናብ ኖርወይ ዝኣተኻሉ፣

### ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር ግዴታ፣

ነዚ ዝስዕብ ዝምልከት እተቕርቦ ሕቶ ተቐባልነት ንኽትረክብ፣ ናይ 600 ሰዓታት ናይ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ትምህርቲ ክተማልእ ግዴታ ኣሎካ፣

- ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ፡ ከምኡ'ውን/ ወይ ከኣ፣
- ዜግነት፣

እንተድኣ ንስኻ ኣብቲ እትሓተሉ ጊዜ፡ ዕድሜኻ 55 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ኮይኑ ግን፡ እዚ ግዴታ'ዚ ኣይምልከተካን ኢዩ።

ካብዚ ግዴታ'ዚ ነጻ ንኽትከውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ እንተ ድኣ፡-

- ንስኻ ብኖርወጅኛ ወይ ሳሚኛ (Samisk) ዘለካ ፍልጠት እኹል ምዃኑ ዘረጋግጽ ሰነድ ከተቕርብ ክኢልካ፣
- ፍሉያት ናይ ጥዕና ወይ ካልእ ብኸቢድ ዝምዘኑ ምኽንያታት ከም ዘለካ ተረጋጊጹ፣

### ግብራዊ/ ጠቓሚ ሓበሬታት

ንትምህርቲ፡ ወይ ከኣ ካብ ትምህርቲ ነጻ ንምዃን ከተመልከት ምስ እትደሊ፡ ኣብቲ ዝተመዝገብካሉ ህዝባዊ ምምሕዳር ዝርከብ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ትምህርቲ (Voksenopplæring) ክትውከስ ኣሎካ። ሕቶ ምስ ዝህልወካ ወይ ከኣ ንናይ ግዜ ገደብን ጉዳይ) መሰላትን ዝምልከት ዝርኢ ሓበሬታ ምስ እትደሊ ድማ፡ ነቲ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ቤት ትምህርቲ ክትውከስ ትኽእል።

ባዕልኻ'ውን ኣብ www.imdi.no ወይ ከኣ www.udi.no ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።